2021-05-07

# ኣብ ናይ ዉሉድካ ክትባት ዝምልከት ዉሳነታት ንምዉሳድ ዝያዳ ምፍላጥ’ዶ የድልየካ ይኸዉን?

እዚ ሓበሬታ’ዚ፡ ወለዲ፡ ደቆም ክትባት ንኸወስዱ ንዝጠራጠሩን ወይ ድማ ደቆም ካብ ምኽታብ ክቑጠቡ ዝደናደኑን ዝምልከት ሓበሬታ እዩ።

ዉላድካ ክትባት ክወስድን ከይወስድን፡ ኩሉ ግዜ ዉሳነ ናይ ሙዉሳድ ሓላፍነት ናትካ ናይ ወላዲ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንስኻ፡ ካብ በዓል ስልጣን ክንክን ጥዕናን ሕማምን፡ ንክትባታት ዝምልከት፡ ጥቕምን ጉድኣትን፡ ስጉምትታት ቅድመ ምክልኻልን ክንክንን ዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል አለካ።

ደቅኻ ካብ ምኽታብ ክትጽበን መጀመርያ ክትዕዘብን ክትከታተልን ምስ እትመርጽ፡ ጸኒሕካ ኣብ ዝመረጽካዮ ግዜን
ወቕትን ደቅኻ ናይ ምኽታብ ዉሳነ ክትወስድ ተኽእሎታት ኣለካ። መብዛሕትኦም ደቆም ካብ ምኽታብ ዝቑጠቡ ወለዲ፡ ብመሰረት ሃገራዊ መጽናዕቲ ዉጥን ክትባት፡ ደቆም ቁሩብ ዕብይ ምስ በሉ እዮም ከኽትብዎም ዝደልዩ።

## ክትፈልጦም ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣየኖት እዮም?

ከም ወላዲ መጠን፡ ዉሳነታት ንምዉሳድ ርግጸኛ ኲንካ ንኽስምዓካ፡ ንዉሳነኻ ጸኒሕካ ንምዉሳዱ፡ ኣወንዚፍካዮ ንምጽናሕ ኮነ ንዉላድካ ክትባት ካብ ምዉሳድ ምቑጣብን ቅደሚ ምዉሳንካ ክትፈልጦም ዘለካ ነጥብታት፡

- ንሃገራዉን ዞባን ዉጥናት ክትባት ቆልዑ፡ ክርከቡ ዝኽእሉ ጥቕምታትን ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ጉድኣታትን ብግቡእ ምፍላጥ። ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ብኣብ ታሕተዋይ ናይ’ዚ ገጽ’ዚ ዘሎ ኣቋራጭ (ሌንክ) ብምጥዋቕ ክትረክብ ትኽእል።
- ሓደ ዘይተኸትበ ዉላድ፡ ሕማም ክለግቦን ብሕማም ክጥቃዕን ስግኣት ኣሎ፡ ንኣብነት፡ ብኣብ ዉጥን ክትባት ቆልዖ ክትባት እንህቦ ሕማም ትኽትኽታ ክጥቃዕ ይኽእል። እዚ ብወገኑ፡ ናብ ሓደገኛን ዘላቓ ስቅያትን ዘለዉ ሕማም ከስዕብ ይኽእል። ሓደ ክትባት ዘይወሰደ ቆልዓ፡ ክሳብ ምስ መብዛሕትኦም ዝተከትቡ ቆልዑ ዝነብር ምስ ዝኸዉን፡ በቲ ጉጅላዊ ድርዒ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ተጻዋርነት ክድሕን ይኽእል እኳ እንተ ኾነ (ንሕማም ኣንቅጺ፡ ዝምልከት ግን ኣይኮነን፡ ተወሳኺ ኣብ ታሕቲ ኣንብብ)፡ ከም’ዚ ምስ ዝኸዉን ሕማም ክለግቦ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት እዩ።
- እንተ ኾነ ግን ኣብ’ዚ ክፍለጥ ዘለዎ ነገር ግን፡ ሓደ እንኮ ዝሓመመ ሰብ ንሙሉእ ጉጅለ ሕማም ከላብዕ ተኽእሎታት ምህላዉ እዩ። እዚ ስግኣት’ዚ ኣዝዩ ልዑል ክገብሮ ዝኽእል ድማ፡ እቲ ሕማም ብስርዓተ እስትንፋዝ ዝመሓላለፍ፡ ንኣብነት ንፍዮ ምስ ዝኸዉን እዩ። ስግኣት ለበዳ ሕማም ልዑል ካብ ዝገብሩ ሓደ፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ዝራኸቡሉ ኩነታት እዩ። ነቶም ቁሩብ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑን መንእሰያትን ንኣብነት፡ ርክባት ናይ ሓጋይ ንጥፈታት፡ ኮንሰርት ወይ ድማ ንጥፈታት ስፖርት ክኸዉን ይኽእል።

- ዘይተኸትቡ ቆልዑ ሒዝካ ኣብ እትገሽሉ ወቕቲ፡ ዋላ'ኳ እቲ ክትገሾ ሓሲብካ ዘለካ ቦታ ዉሑድ ስግኣት ለበዳ ሕማም ዘለዎ እንተ ኾነ፡ ዓበይቲ ስግኣት ለበዳ ዝኾነ ቦታታት፡ ንኣብነት፡ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ኣቢልካ ክትሓልፍ ሙኳንካ ክትሓስበሉ ኣለካ።

- ኣንጻር ገለ ገለ ሕማማት እንህቦም ክትባት፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት'ዉን እንተ ኾነ ልሙዳት እዮም። Vissa av ሓደ ክትባት ዘይወሰደ ቆልዓ፡ ኣብ ጉዕዙኡ ወይ ድማ ምስ ካብ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ሃገራት ናብ ሽወደን ክመጽእ እንከሎ ብዝገብሮም ርክባት ምስ ካልኦት ሰባት፡ በዞም ዝተቐሱ ሕማማት ክሓምም ስግኣት ኣሎ።

- ሓደ ክትባት ዘይወሰደ ቆልዓ፡ ንካልኦት ቆልዑ በቶም ንሕና ኣንጻሮም ክትባት እንህቦ ሕማማት ከላግብ ስግኣት ክኸዉን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ሕጻን ክትባት ንኽወስድ ዕድሚኡ ንኡስ ምስ ዝኸዉንን፡ ተጻዋርነት ምክልኻል ሕማም ኣካላቶም ትሑት ምስ ዝኸዉንን ብፍላይ ተነቀፍቲ ይገብሮም።

- ምስ ሓደ ክትባት ዘይወሰደ ቆልዓ ርክብ ዝገበሩ ሰባት፡ ምናልባት ካልእ ስጉምትታት ኮነ ፍወሳ ዘድልዮ ክኸዉን ስለ ዝኽእልን፡ ኣብ ገለ ኩነት ድማ ኣዝዩ ህጹጽ ክኸዉን ስለ ዝኽእል (ቅድመ ክንክናዊ ፍወሳ ኣንጻር ኣንቅጺ ኣብ ታሕቲ ኣንብብ)፡ ንሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ሕማምን ክሕብሩ ኣገዳሲ እዩ።

## ክትባት ንዘይወሰደ ቆልዓ ዝምልከት ሓበሬታ

ንስኻ ከም ወላዲ መጠን፡ ማለት ነቲ ቆልዓ ዝምልከት ክትባት ክወስድ ዘይደገፍካዮ ምንባርካ'ሞ ክትባት ከም ዘይወሰደ፡ ኣብ መጻኢ ንዉላድካ ንኽትሕብሩ፡ ሰኒድካዮ ጽናሕ። እንተ ዘይ ኮነ፡ እቲ ቆልዓ ኣብ መጻኢ “ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ቆልዑ” ክትባት ዝወሰደ ክመስሎ ስለ ዝኽእል'ሞ፡ ንኣብነት፡ ክገይሽ እንከሎ፡ ተላባዒ ሕማም ክለግቦ ስግኣት ከም ዘለዎ ኣፍልጦ ከይሃለዎ ክገይሽ ስለ ዝኽእል።

## ንክትባት ዘይወሰዱ ቆልዑ፡ ከመይ ጌርካ ካብ ሕማም ኣንቅጺ ክትከላኸል ከም እትኽእል?

ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ኣቋራጭ (länk) ብምእታዉ፡ ብዛዕባ ኣብ ሽወደን ኣንጻሮም ክትባት ናይ ምሃብ ተኽእሎ ዘሎ፡ ሕማም ኣንቅጺን ካልኦት ተላበድቲ ሕማማትን ከተንብብ ትኽእል። ኣብ ስግኣት ለበዳ ሕማም ኣንቅጺ ንክትባት ዘይወሰዱ ቆልዑ ዝምልከት፡ ከም ወላዲ መጠን፡ ኣብ መዓልቱ እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክትወስድ ከም ዘለካ።
ኣንቅጺ፡ ሓደገኛ ቁስላዊ ረኽሲ ኮይኑ፡ ጠንቁ ድማ፡ ኣብ ሙሉእ ዓለም ብሓመድን ዱኽዕን ካብ ዝጸንሑ ባክተርያ እዩ ዝስዕብ። ሕማም ረኽሲ ኣንቅጺ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ፍወሳ ምስ ዘይግበረሉ ናይ ሞት ሓደጋ እዩ ዘስዕብ።

እንተ ኾነ ግን፡ ኣብ ናይ ሽወደን ሓፈሻዊ ዉጥን ክትባት ሓደ ዝኾነ፡ ዉጽኢታዊ ክትባት ኣሎ። ካብ ረኽሲ ኣንቅጺ ንምክልኻል እቲ እንኮ መንገዲ ክትባት ምዉሳንድ ኮይኑ፡ ሕማም ምሕላፉን ህዝባዊ ድርዕን ካብ ምሕማም ከድሕን ኣይክእልን እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ዓመታዊ ሓደ ሓደ ክስተታት ሕማም ኣንቅጺ፡ ብፍላይ ኣብ ክትባት ዘይወሰዱ ዕብይ ዝበሉ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት የጋጥም እዩ።
ሕማም ረኽሲ ኣንቅጺ፡ ብሰንኪ መንከስቲ እንስሳ ወይ ድማ፡ ምስ'ኡ ዝተሓሓዝ ቁስሊ፡ ንኣኣብነት፡ ኣብ ጀርዲን ወይ ፓርክ ኰንካ ምጽዋት ኮነ ስራሕ ናይ ጀርዲን ኣብ ምክያድ ከጋጥም ዝኽእል መጉዳእቲ ክኸዉን'ዉን ይኽእል እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፡ ህጻን ዉላድካ፡ ቅድሚ ኣብ ደገ ምጽዋት ምጅማሩ ክትባት ከተዉስዶ ከም ዘለካ እንመኽረካ። ረኽሲ ሕማም ኣንቅጺ፡ ብኣዝዮም ትርጉም ዘይብሎም መቑሰልቲ'ዉን ክስዕብ ይኽእል እዩ።

እንስሳ ዘቤት፡ ከም ንኣብነት፡ ከልቢ ወይ ድሙ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ኩነተ ሙቑሳል ብሰሪ መንከንስትን ምፍሕንጫርን፡ ስግኣት ረኽሲ ሕማም ኣንቅጺ ክህሉ ይኽእል እዩ። ተሳኺ ብዛዕባ ኣንቅጺ፡ ኣብ ድሕረ ገጽ በዓል ስልጣን ሕዝባዊ ጥዕና (folkhälsomyndighetens webb) ከተንብብ ትኽእል፡

Stelkramp - Folkhälsomyndigheten ኣንቅጺ - በዓል ስልጣን ህዝባዊ ጥዕና
ፈጺሙ ክትባት ዘይወሰደ፡ ወይ ድማ ክወስዶ ዝግብኦ ክትባቱ ዘይወሰደ ዉላድካ፡ ብሰንኪ መንከስቲ እንስሳ መቑሰልቲ ምስ ዘጋጥሞ፡ ዉላድካ ብህጹጽ፡ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ ሽዑ መዓልቲ ብህጹጽ ሕክምና ክረአን ክግምገምን ኣለዎ። ኣብ'ኡ ድማ፡

Region Stockholm
ክፍሊ ክንክን ጥዕና ቆልዑ

2021-05-07

እቶም ሓካይም፡ ንባክተርያ ኣንቅጺ ዝምልከት ኢሙኖግሎብሊን ክወሃብን ዘይክወሃብን ዉሳነ ይወስዱ።

ኢሙኖግሎብሊን፡ ንናይ ኣካላትና ምክልኻልን ምጽዋር ሕማምን ድርዒ ንሙኽንን ንግዳማዉያን ባእታታት ከም ቫይረስን ባክተርያን ንምልላይ ዝሕግዝን እዩ። ብተወሳኺ'ዉን እቶም ሓካይም ክትባት ኣንጻር ኣንቅጺ ምጅማሩ ኣገዳሲ ሙኻኑን ዘይሙኻኑን ይዉስኑ።

ከም ወላዲ፡ ሓኪም ቆልዓ/ነርስን መጠን ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ኣብ

[Stelkrampsprofylax vid sårskador - vårdgivarguiden](#) ከተንብብ ትኽእል።

ሕቶታትን ዝኾነ ዘይተረድኣካ ነገር ምስ ዝህልወካ፡ ምስ ኣብ ማእከል ጥዕና ህጻናት ዘለዎ ሓካይምን ነርስን ንምዝርራብ ኣይትጠራጠር!

# ተወሰኽቲ ሓበሬታ

Rikshandboken (መጽሓፍ ሃገራዊ መምርሒ)

Vaccination av barn - 1177.se (ንቆልዑ ዝምልከቱ ክትባታት - 1177 ኤስ ኢ)

Vaccinationer och säkerhet - Folkhälsomyndigheten (ክትባትን ዋሕስነትን - በዓል ስልጣን ሕዝባ ጥዕና)

Informationsmaterial om vaccinationer (ሓበሬታታት ብዛዕባ ክትባት)

Information till vårdnadshavare om det svenska vaccinationsprogrammet för barn (finns på flera språk)
ብዛዕባ ዉጥን ክትባት ቆልዑ፡ ንሞግዚት ዝምልከቱ ሓበሬታታት (ብብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ኣለዉ)

Oxford vaccine group (ጉጅለ ክትባት ኦክስፎርድ)

BVC-podden: Vaccin - därför är det så viktigt (ፖድ ማእከል ጥዕና ህጻናት - ስለ'ዚ እዩ ኣገዳሲ ዝኾነ)

/Barnhälsovårdsenheten i Region Stockholm, uppdaterad 2021-05-07
/ክፍሊ ክንክን ጥዕና ህጻናት ኣብ ዞባ ስቶክሆልም፡ ብዕለት 2021-05-07 እዋናዊ ዝኾነ